## ብዛዕባና

ብምንቅስቓስ ንጋባእ ንፍለጥ።እወ ሕጂ'ዉን ንጋባእ።ሃገርና ኣብ ከቢድ ቅልውላው እትርከብ መዓልታ ዘሕለፈት ጥንስቲ ትመስል።እቲ ናይ ለውጢ ጥንሲ ከይብርዕን ኣብ እዋኑ ጠለባቱ ከነማልኣሉ ንጓየ።ጥጡሕ ባይታን ብቑዓት ናውትታትን ከነዋድድ ምግባእ ጥራሕ እዩ እቲ ዘተኣማምን ስትራተጂ። ታሪኽ ርብዒ ክፍለ ዘመን ኤርትራ ኩድኣ ወዲኣ።ቓጭል ተደዊላ።ኣእዛንናን ኣዒንትናን ንኽፈት። እዋኑ ተሃዋሲ እዩ።ሃለዋትና ባዕልና ክንቋጻጸሮ ብምሉእ ልቦናን ትግሃትን ንጋባእ። ሬድዮን መርበብን ንጋባእ ነዚ ኣርእስቲ'ዚ ጸቒጡ ንምዕዋቱ ከይተሓለለ ኪቃለስ እዩ።

ስፊሕን ቀጻልን ተሳትፎ ተራ ኤርትራዉያን ዜጋታት ኣዝዩ ወሳኒ እዩ በሃልቲ ኢና።ነዚ ንምዕዋት ኣብ ዘዘለኹሞ ከባቢ ባይቶ ከተቑሙ ንጽዉዕ።ብባይቶ ጀሚሩ ኣብ ምትካል ቅዋማዊ መንግስቲ ዝበጽሕ ንሁር ምንቅስቓስ ህዝቢ ንሃገርና ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ከሰጋግራ እዩ ኢልና ንኣምን።

ንጋባእ ህዝባዊ ምንቅስቓስ እዩ።ዝኾነ ኤርትራዊ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክጅምሮ ንጽውዕን ነተባብዕን።ዋንኡን ጀማሪኡን ቀላሲኡን ተጠቃሚኡን ንሱ ባዕሉ ህዝቢ ኤርትራ እዩ።ብቀጻሊ ምግባእ ባይቶታት መስሪትና ንለዉጢ ምቅላስ ድርብ መኽሰብ ኣለዎ።ቀዳማይ ነገር፡ ባይቶ መሰልና ነረጋግጸሉ መድረኽ እዩ።ካልኣይ ከኣ፡ባይቶ ህዝብና ባዕሉ ሓራ ንኽወጽእ ኣድላይ ዓቕሚ እነጥርየሉ ማዕከን እዩ።

ነጻ፡ደፋር፡ክቡር፡እሙን፡ንቕድሚት ዝምርሽ፡ዘመናዊ...ህዝብን ሃገርን ክንሃንጽ ንጋባእ። ሓድሽ ናይ ነጻነት መሳኹትን ማዕጾን ክንከፍት ንጋባእ።ናይ ፍትሒ መድረኽ፡ናይ ማዕርነት ሃዋህው፡ ናይ ምትእምማን ባይታ ክንፈጥር ንጋባእ።ሕሱም ሃለዋትና ናብ ራህዋን ክብረትን ሰላምን ክንቅይሮ ንጋባእ።

ንሃገር ዘውሕስን ዘርግእን ፓለቲካ ከነዐውት ንጋባእ።መራሒ ርእይቶን ብቑዓት መራሕትን ክንፍትሽን ከነዐውትን ንጋባእ። መበገሲ ዝኾኑና መትከላት ብደረጃ ሃገር ክንሰርዕ ንጋባእ።

ንዘስካሕክሕ ሃለዋትና ዝፍውስ ፋሕ ዝበለ ኣማዕድዩ ዝዕዘብ ዓቕሚ ኣሎ።ከመይ ኣብ ምድሓን ሃገር ነዋፍሮ? ብምግባእ።ንኹሎም ኪኢላታትና በብሞያኦም ኣብዝተፈላለየ ዓዉድታት ሂወት ሃገር ከመይ ነሰልፎም? ብምግባእ።

ብርግጽ፡ህልኽን ሕድሕድ ምንጽጻግን ከም ባህሊ ተወሲዱ።ምድረ-በዳን ባሕርን መንእሰይና እንዳ በልዑ ለሚድናዮ ስቕ ኢልና ንሓልፎ።መሰረታዊ ባህርያዊ ሰብኣዊ ቁጥዐ ማህሚኑ ንዝኾነ ሕሰም ምጽዋር ገኒኑ።ናይ ህዝብና መከራ ከይግድሰና ኣብ ውዕል ዝኣተና ንመስል።ሓልዮት መይቱ እንታይ

ገደሰኒ ነጊሱ። መንግስቲ ኣብ ክንዲ ዝፈርሓና ብግምጣሉ ንሕና ንፈርሖ።ህዝቢ ተዳሂሉ መኣዝኑ ኣጥፊኡ።

ነዚ ኹሉ ዘመን-ኣምጽኦ ናይ ውድቀትን ሓሳረ-መከራን ልምድታት ከመይ ንሰዕሮ?ብምግባእ። ካብ ምብትታን ናብ ምጥርናፍ ከመይ ንሰጋገር?ብምግባእ።ካብ ዉርደትናብ ክብረት ከመይ ንድይብ? ብምግባእ።ካብ ኢደወነናዊ ግዝኣት ናብ ሕጋዊ ምሕደራ ከመይ ንሰግር?ብምግባእ።

እወ ክትዛረቦ ቀሊል ከተተግብሮ ግን ከቢድ ምዃኑ ኣዝዩ ይርድኣና።እንተኾነ ግን፡ኣብ ጉዳይ ሃገርና ቀሊልን ኣቋራጭን መፍቲሒታት ከምዘየለ ኣጥቢቕና ከነማሕጽን ኣፍቅዱልና። ንኩነታትና ዘሰማምዕ ልሙድ ኣበሃህላ ኣሎ። ሕጂ እንበር መዓስ ደኣ?.......ኣነ'ምበር መን ደኣ?.......ካብዚ ዝኸፍእ ሃለዋት'ዳኣ እንታይ?

ከከም ዓቕንን ዓይነትን ተሳትፎና ጉዳይ ሃገርና ክኸርርን ክቕልልን እዩ።ብዙሕ ምስጢር የብሉን። ሽግርና ይኸበድ ይቕለል ዋናታቱን ፈጠርቱን ፈታሕቱን ንሕና ህዝቢ ኤርትራ ኢና።ንማንም ኣይነላግበሉ!!! ሽግርና እንተ ክምጠጥ እንተ ክሓጽር ተሳትፎና እዩ ዝውስኖ። እቲ ናይ ሕቶታት ሕቶ፡ ሃለዋትና ክንቅይር ንኽእል'ዶ ኣይንኽእልን ኣይኮነን።ንዕጠቕ'ዶ ኣይንዕጠቕን፡ ንብገስ'ዶ ኣይንብገስን እዩ።ንስለ ኹሉ,,,እስከ ንጋባእ!ብዘይ ውዕል ሕድር ንጋባእ!ነፍስ ወከፍና ንሃገራዊ ሕልንኡ ተወኪሱ ኣብዘዘለናዮ ባይቶታት ንምፍጣር ንጋባእ!ንጋባእ!!.....ንጋባእ!!!..........

ህዝብና ብንጡፍ ተሳትፍኡ ክዕወት እዩ!

ዘልኣለማዊ ክብሪ ንስውኣትና!

መስከረም 4-2017

ኦታዋ ካናዳ

ምንቅስቓስ ንጋባእ።

